ቤት ትምህርቲ መሰናድኦን ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርክን ብዘት

# ካብ ክላስ ናብ ዳስ¡?

*ሶኒ፣ 6 ጥሪ፣ 2005ዓ/ም፣ ብዘት*

*ብጎይቶኦም ተገኘ፣ መቐለ ዩኒቨርሲቲ*



ህዝቢ ከባቢ ብዘት ንትምህርቲ ዓብይ ጠመተ ከምዝህብ ዘርኢ "ብዘት ካብ ገዝኣ ምሁራ ይበዝሕ" ዝብል ዝፀንሐ ምስላ ኣሎ።

ቤት ትምህርቲ መሰናድኦን ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርክን ብዘት ኣብ 1996 ዓ/ም ብሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ተመስሪቱ። ንዝሓለፉ ትሽዓተ ዓመታት ተምሃሮ 9ይ ክፍልን 10ይ ክፍልን ኣምሂሩን እንዳምሃረን ይርከብ። ካብ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ጀሚሩ ድማ ትምህርቲ መሰናድኦ ን 11ን 12ን ክፍሊ ተምሃሮ ይህብ ኣሎ። ካብ ፈለምኡ እዚ ቤት ትምህርቲ ብህዝቢ እዩ ተሰሪሑ፣ ሰብ ሃፍትን ሕብረተሰብን ኣዋፂኦም እዮም ተሰሪሑ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን 600 ደቂ ተባዕትዮን 594 ድማ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1194 ተምሃሮ ኣብ 9ይ ክፍሊ፣ 471 ደቂ ተባዕትዮን 451 ደቂ ተኣንስትዮን ዘለውዎም ብድምር 922 ተምሃሮ ኣብ 10ይ ክፍሊ፣ ኣብ መሰናድኦ፣ 394 ተምሃሮ ኣብ 11ን 12ን ክፍሊ እናተምሃሪ ይርከቡ። ብሓፈሻ ኣብ መሰናድኦን ካልኣይ ብርክን 2513 ተምሃራይ ኣሎ።ኣብ ሓደ ክፍሊ ካብ 57 – 60 ኣብ 10ይ ክፍሊ ይመሃሩ፤ኣብ 9ይ ክፍሊ ካብ 64 ክሳብ 67 ተምሃሮ በቢክፍሉ ይመሃሩ።ብተወሳኺ ካብ ቢሮ ስደኛታት ብዝርከብ ሓገዝ ገንዘብ ኣብ ቤት ትምህርቲ መሰናድኦን

ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርክን ብዘት 18 ኤርትራውያን ስደተኛታት /7 ኣዋልድ ዝርከብኦም/ ኣብ 9ይን 10ይን ክፍሊ ኣትዮም ይመሃሩ ኣለዉ።

ካብ ሒደት ዓማውቲ ጀሚሩ በዝሒ ኣብ 9ይ ክፍሊ ዝመሃሩ ተምሃራይ ኣዝዩ በቢዓመቱ እናወሰኸ ይርከብ።

ዝሓለፈ ዓመት ሕፅረት መምሃሪ ክፍልታት እንተጋጥም ከም ግዜያዊ ፍታሕ ላቦራቶሪን ማእከል ፔዳጎጂን ዝነበሩ ክልተ ሰፋሕቲ ክፍልታት ዝህብዎ ግልጋሎት ጠጠው ኣቢሎም ናብ መምሃሪ ክፍሊ ተቐይሮም።

እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ሎሚ ዓመት መስከረም ጀሚሩ ድማ አርባዕተ ናይ ዳስ (ብቆርቆሮ ዝተሓፀሩ ወናብርን መኸለሊ ዳስ እውን ዘይበለን) ክፍልታት ብተወሳኺ ንመምሃሪ ኣብ ምጥቃም ይርከብ። ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሌላን ጉሌላን ንዘይምፍጣር ኩሎም ተምሃሮ በቢክፍሎም ብዙር በቢተራ ሓደ ሰሙን ኣብ ደገ ይመሃሩ።










እዚ ፀገም ምስኣጋጠመ ምስ ሕብረተሰብን ወረዳን ዘተ ተገይሩ፤ ምስ ማሕበር ልምዓት ትግራይ እውን። ቕልጡፍ ምላሽ ዝሃበ ሕብረተሰብ እዩ። ሕድሕድ ተምሃራይ 50 ቕርሺ ኣዋፂኡ። ካብዚ ከባቢ 125,000.00 ቕርሺ። ብተወሳኺ ሓገዝ ጉልበት ማሕበረሰብ ብገንዘብ ዘይግመት እዩ። ማሕበር ልምዓት ትግራይ ግን መልሲ ኣይሃበትን። ኣብዚ ሐዚ እዋን ንምኽባት እቲ ሰራሕ ተወሳኺ ገንዘብ ካብ ህዝቢ ንምሕታት ሰኽፊት ኣሎ።




እዚ ጉዳይ እዚ ኣብ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ተላዒሉ ተዘትዩሉ ቅድሚያ ተዋሂቡ ይሰራሕ ተባሂሉ እዩ። ካብ ቢሮ ትምህርቲ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ዝተረኸበ ኣዝዩ ውሑድ ዝበሃል (3,000.00 ቕርሺ ዝግመት) ኣስታፋ፣ ካብ ምምሕዳር ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ድማ ልዕሊ 300 ቆርቆሮ ከባቢ 45,000.00 ቕርሺ ዝግመት ውህብቶ ተረኺቡ። ብተወሳኺ እውን ቴንዲኖ ንምሃብ ቃል ኣትዮም ዝነበሩ እንተኾነ እኳ ብእዋኑ ክርከብ ስለዘይከኣለ ካብ ህዝቢ ብዝተኣከበ ገንዘብ ተገዚኡ እዩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ስራሕቲ ተወሲኹ 4 ክፍልታት 75 ምኢታዊ ተወዲኡ እዩ።

ሓገዝ ህንፀት ካብ ማሕበር ልምዓት ትግራይን ካብ መንግስትን እንተተረኺቡ ክንሕግዝ ኢና ዝበሉ ሰብሃፍቲ እቲ ኸባቢ ብወገኖም ብቲ ዝተዓዘብዎ ትሑት ጠመተ ምኽንያት ካብ ምሕጋዝ ከምዝተቖጠቡ ይገልፅ።

***<u>ገለ ሓሳባት ካብ ተምሃሮን መምህራንን</u>***



*መምህር ቋንቋ ትግርኛ፣ አፀደ ገብረማርያም*

*እተን ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ኣካለ መጠን ዝበፅሓ ምስ ምኳነን ተጨቢጠን ኮፍ ክብላ ኣዝዩ የፀግመለን እዩ። ጎጀልካ ብኔትዎርክ ክሰርሑ ኣዝዩ ኸቢድ እዩ። ዝዕሕፍዎ ነገር እንተሃልዩ እውን ፀሓይ ስለዝኾነ ኸቢድ እዩ። ገለገለ እዋናት እውን ዝናብ ስለዝዘንብ ነቶም ተምሃሮ ይሰዶም ክፍለግዘ ድማ ይባኽን።*



ተምሃራይ 10ይ E፣ ሙዑዝ ሓዱሽ

*ሰሌዳ ፀገም ኣሎ፣ ኣብ ባይታ ስለዝኾነ ንመማህራን ተፀግም። ተምሃራይ ድማ የንፀርፀር። ቀልጢፎም ፍታሕ ዘይገብሩልና፣ ንሞታይ ዲና 50 ቕርሺ ኣውፂእና ይብል። ቤት ትምህርቲ ይስርሐልኩም ኣሎ ምስተወደአ ትኣትዩ ኢሎምና። ዝተወሰና ወናብር ንረክብ ዝተረፈ ኣብ ባይታ ኢና ኮፍ ንብል። እዚ ፀገም ዘይፍታሕ እንተኾይኑ፣ እንተተኻኢሉ ኣብ 9ይ ክፍሊ ዝኣቱ ተምሃራይ እንተትምጠን።*



ተምሃሪት 10ይ B፣ ኣስኳል ወልደማርያም

*ናይ ምሽት ክንከውን ፀሓይ ኣሎ፣ ናይ ንጉሆ ድማ ቁሪ ኣሎ። ሕፅረት ወንበር ስለዘሎ ምምሃር ኸቢድ እዩ። ዋዕዋዕታ ተምሃሮ ኣሎ። ዓብዚ ኣብ ሓመድ ኮፍ ኣይንብልን ኢሎም ተምሃሮ ገሊኦም ይፋርፉ፣ ኣይመሃሩን። ናይ ፓርላማን ሞኒተራትን ተኣኪብና ኔርና ማትሪክ ተፈተንቲ ስለዝኾና ብኣግባቡ ክንተሓጋገዝ ስለዝግብአና ቀልጢፍኩም ስርሑልና ኢልና ንቤት ትምህርቲ ኣሕሊፍና ኣለና።*



ተምሃይ 10ይ ክፍሊ ፣ ሰለሞን ገብረዮሃንስ

*እዚ ብድሕረይ ዘሎ ኽፍሊ ዘይኮነስ በረኻ፣ ዳስ ማለት እዩ። ኣብዚ ካብ መስከረም ጀሚሩ ኢና እንመሃር ዘለና። ኣብዚ 62 ተምሃሮ ኣለና። ዓይንና ኣዝዩ ይደጉሓና። ፀሓይ ስለዝኾነ ፈፂሙ ኣይምቾወናን።*

*ቤት ትምህርቲ ንሱ ኣይኣክልን ግን ንግዚኡ ሓሓምሳ ቕርሺ ኣዋፅኡ ኢሎምና ኣዋፂእና።*

*ንተወሳኺ ሓበሬታ ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ መሰናድኦን ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርክን ብዘት*

*ተወልደ ገ/መስቀል 0914-033732*